08/04/2009

# ሓሲና.ኮም

ንታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ክትገልጾ ምስ እትፍትን፡ ኻኹሉ ዘሕለፎ ጸበባን ሽግርን ዝሰረሖ ተኣምራታዊ ቅያን፡ ንጽንዓቱን ሓድነቱን ቃላት ክትረኽበሉ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ብፍላይ ከኣ ጽንዓትን ተወፋይነትን ሓልዮትን ብጻይነትን ዝሰርሖ ጅግንነትን ተሪኽ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ. ምእንቲ ናጽነት ሃገርን ራህዋ ህዝብን ዝሰገሮ ሽግርን ጸበባን ዝኾነ ፍጡር ኣብ ዓለም ክጻወሮ ዘይክእል ተጻዊሩ፡ ዝኾነ ፍጡር ክገብሮ ዘይክእል፡ ኣይከኣልን እዩ ከይበለ ተግቢሩ፡ ኣብ ዓለም መዳርግቲ ዘይብሉ መስተንክራዊ ጅግንነት ፈጺሙ፡ ኻኹሉ ናይውሽጥን ደገን ገዘፍቲ ተጻቦኣታት መኪቱ፡ መኪቱ ጥራይ ዘይኾነ ብዘሐብን ዓወት ዝወጸ ሓርነታዊ ግንባር ምዃኑ ኩሉ ዘይስሕቶ ሓቂ'ዩ።

ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ'ውን እንተኾነ ብሽም ዶብ ኣሳቢቦም ንጥፍኣት ህዝብናን ምግባት መሬትናን ዝተበገሰ ስርዓት ወያነን፡ ናይ ዘመንና ሓያላት መንግስታትን ብሓድነትን ጽንዓትን ተወፋይነትን ኻኹሉ ውዲታትን ሽርሕታትን ዓለም ኣፍሺሉ ዳግማይ ብዓወት ወጺ። በጃ ሃገርን ህዝብን ከኣ ኤርትራውያን መንእሰያትና ሰንኪሎም፡ ብዓቢኡ ከኣ እታ መተካእታ ዘይብላ ሂወቶም ከፊሎምን ከም ሓዋርያ ኮይኖም ሓሊፎም።

እዚ ከሎ እቲ ሓቂ ግን ኣብ እዚ እዋን ብገለ ውልቃውያን ከደዓት እቲ ዘሕብን ኤርትራዊ ታሪኽና ክቒናጸብ ይስማዕ ኣሎ። ሓደ ካብኣቶም ተልመደን ጋዜጠኛ ኣማኒኤል ኢያሱ(መርበብ ኣሰና.ኮም) ክጥቀስ ይከኣል። ነዚ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ሒዙ ስተበገሰ ዓቢ ግምት ሂብካ ምዝራብ ኣገዳስነት እኳ እንተዘይብሉ፡ ድልየቱን ሕቡእ ኣጀንድኡን ምፍላጥ ግን ኣገዳስን እዋናውን ይመስለኒ።

ኣማኒኤል ኢያሱ ካብ ግዜ ንእስነቱ ብዝኾነ ነገር ዘይዓግብ ምኒኑ ዝባህርያቱ፡ ነገራት ክፍሕርን ክኣልምን ከይደቀሰ ዝሓድር፡ ካብ ሃመማ ዓጽሚ ከውጽእ ዝደሊ፡ ብውልቃዊ ረብሓ ዝታለል፡ ዓቢ ህርፋን ናይ ሓላፍነት ዘለዎ፡ ኣዝዩ ኪኢላን ናይ ሓሶት ሚሂዛን እዩ።

ኣመል ምስ መግነዝ ከምዝበሃል፡ እቲ ናይ ስልጣን ህርፋኑ ስለዘይሰመረሉ ከኣ፡ ነቲ ከም ስድራ ኮይኑ ዝኣለዮ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ናይ ትምህርቲ ዕድል ከይንገፎ ካብትን ካብትን ተሓሪጡ ክሳብ ኣብ ብሪስቶል ዩኒቨርሲቲ ዓዲ-እንግሊዝ ዘምሃሮ መንግስትን ህዝቢ ኤርትራን ከብቅዕ፡ ራዛ ናይ ኣቡኡ ሓዛ ከምዝበሃል፡ ኣማኒኤልውን ልክዕ ከም ኣቡኡ ንፍትሓዊ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከዲዑ ናብ ደርጊ ዝሰለመ(ወዶ-ገባ)፡ እነሆ ኣማኒኤልውን ንኤርትራን ህዝባን ብምኽዓዕ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ኢዱ ብምውሃብ፡ ምስቲ ፍሹል ስርዓት ወያነን ካልኦትን ናይ መርበብ ሓበሬታታት ዕሱብ ደሞዝተኛ ብምዃን ንምብትታን ህዝቢ ኻኽሰርሕ ነዚ ዝስዕብ ናይ ጥፍኣት ውዕል ከተመሉ።

1) ብሽም ኣውራጃን ሃይማኖትን ኣምሲልካ ንህዝቢ ኤርትራ ምብታትን ክጽዕር፥
2) ኣብ ሞንጎ ህዝብን መንግስትን ምፍልላይ ከምዘሎ ኣምሲልካ ኣብ መርበብ ሓበሬትኡ ክዝርግሕ፥
3) ኣብ ሞንጎ ዋርሳይን ይከኣሎን ግርጭታት ከምዘሎ ኣምሲልካ ናይ ሕሶት ወረታት ምብታን፥
4) ኣብ ሞንጎ መራሕቲ መንግስቲ ዘይምርድዳእ ከምዘሎ ምምሳል፥
5) እቲ ዝተኻየደ ኩናት ምስ ስርዓት ወያነ፥ ጀማርን ተሳዓርን ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ምምሳል፥
6) ንፍሹል ሓይሊ ስርዓት ወያነ መዳርግቲ ከምዘይብሉ ኣምሲልካ ምቕራብ፥
7) ንህዝቢ ኤርትራ ምዝተፈላለየ መገዲ ራዕዲ ምፍጣር፥
8) ንኣውሮጳን ካልኦት ሃገራትን ከም ገነት ብምምሳል፥ ንመንእሰያት ኤርትራ ናብ ስደት ከምዘምርሖ ምጉስጓስ፥

እዝን ካልእን ኝኽዝርግሕ ብዕሊ ተሰማመዐ፥ ኣምሳይኡ ከኣ ዓስቡ ክረክብ ምዃኑ ተማሕጸንሉ፥ እተን ብውልቃዊ ረብሓን ህርፋን ስልጣንን ዝሰኸረት ኣጉል ሓንጎል ኣማኒኤል ነቲ ብዕሉግን ናይ ጥፍኣት ስምምዕን ከይሓንኳ ብዕልልታ ተቐበለኦ።

ህዝቢ ኤርትራ ግን ካብዚ ዝኸፍአ ውዲታትን ሽርሕታትን ጸላኢ ሰጊሩ ዓወት ዝተጓናጸፈ ስለዝኾነ፥ ሕጂ'ውን ብከም ብዓል ኣማኒኤልን ሰዓብቱን እኒ ዓሊ-ህንዲ፥ ሳሚኤል ዓካዓካ ተቐማጦ ዓዲ-እንግሊዝ፥ ሰሎሙን ኣበራ ኣብ ጀርመን፥ እታ ን11 ወርሒ ደሞዘይ ኣይተኸፈልኩን ብምባል ንመልሓሳ ካብ ናይ ሓሶት ወረ ኣቓሪጻ ዝነበረት ሕጂግን ብኣያታት ኣማኒኤል ኢያሱ፥ ዳዊት መስፍን፥ ተስፋልደት መሓረና፥ ጳውሎስ በዓታይ፥ ካለኦትን ብዝተገበረላ ናይ ጥፍኣት ሓገዝ እታ ተዓቢሳ ዝነበረት ናይ ሓሶት መልሓሳ ክትልፍልፍ ዝጀመረት ስራሕ ኣልቦ ዝኾነት ፈቨን ሰሎሙን ኣብ ሆላንድ።

ብሽም ኤርትራ ዝሽቅጡ ዘለዉ፥ ጸሊም ታሪኽ ገዲፎም ከምዝሓልፉ ፍሉጥእዃ እንተኾነ፥ ገለ-ገለ ሰባት ግን ብኣፍልጦ ይኹን ብዘይ ኣፍልጦ ዝደናገጹ ኣይሰኣኑን እዮም፥ ስለዚ እዚኣቶምን ከምኦም ዝኣመሰሉን መጣፍእቲ ከይገብርኹም ኣይትተሃመሉ።

ምስ ሰላምታ
ያሲን ኢብራሂም